# ንሕና ምኽሪ ነወፊ

## ሶኒ-ሓሙስ ሰዓት 9-16
## ዓርቢ ሰዓት 9 -15

ዴኒሽን እንግሊዝኛን
ስልኪ 33 73 50 00

ከምኡ'ውን ስዒበን ብዘለዋ ቁጽርታት
- በጃካ ዴኒሽ - ምኽሪ ይወሃብ

ቋንቋታት ቦስንያ / ሰርቢያ / ክሮሽያ
ስልኪ 33 73 52 33

ዓረብኛን ኩርዲስታን (ሶራኒ)
ስልኪ 33 73 52 28

ሶማሊያ
ስልኪ 33 73 53 11

ብዛዕባ ምስ ናብ ሃገርካ ምምላስ ዝተተሓሓዘ ንመሰላትካ
ጭቡጥ ዝኾነ ውልቃዊ ምምኻር እንድሕር ደሊኻ፡
ኣብ መርበብና ንዝርከብ ናይ ሓበሬታ ቅጥዒ ክትመልእ ኣለካ።

www.atvendehjem.dk
www.flygtning.dk/atvendehjem

ብስዒባ ዘላ ናባና ክትጽሕፍ'ውን ትኽእል ኢኻ
atvendehjem@drc.ngo

DRC DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

Tigriniya



# ብዛዕባ ናይ ሃገርካ ምምላስ 2025

## ንስደተኛታት፣ ወጻእተኛታት ከምኡ’ውን ድርብ ዜግነት ንዘለዎም

## ሓበሬታ ብዛዕባ ብፍቶትካ ናይ ሃገርካ ምምላስ

DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

# እንድሕር ናብ ሃገርካ ክትምለስ ትሓስብ ኰንካ

ዴኒሽ ናይ ስደተኛታት ሓገዝ (Dansk Flygtningehjælp) ብዛዕባ ብፍቶትካ ናብ ሃገርካ ወይ ድማ ቅድም ናብ ዝነበርካዮ መንበሪ ሃገር ምምላስ ንነባሮ ምኽሪ የወፊ። ስደተኛታት፣ ወጻእተኛታት፣ ከምኡ'ውን ድርብ ዜግነት ዘለዎም (ሓደ ዴኒሽ ካልኣይ ድማ ካልእ ዜግነት) ናብ ሃገሮም እንድሕር ተመሊሶም፡ ናይ ቁጠባ ሓገዝ ንኽረኽቡ ዕድል ኣለዎም። ሓገዝ ክወሃበካ እንድሕር ኰይኑ ዝውስኖ ናብ ዴንማርክ መዓስ ከምዝመጻእካን እንታይ ዓይነት ናይ መንበሪ ፈቓድ ከምዝተወሃበካ ዝውስኖ እዩ።

ናብ ሃገርካ ንኽትምለስ ሓገዝ ክወሃበካ ዝኽእል እንድሕር ኰይኑ ክትፈልጥ ደሊኻ፡ ናይ ሓበሬታ ቅጥዒ ኣብ www.atvendehjem.dk ክትሰደልና ኣሎካ።

# ቑጠባዊ ሓገዝ

ኣብ ዓቕመ-ኣዳም ዝበጽሑ ዓበይቲ ሰባት መታን ኣብ ሃገሮም ሓድሽ ሂይወት ንኽጅምሩ ኣብ 2025 ክሳብ 161.012 kr. ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም። ቆልዑት ክሳብ 49.107 kr. ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም።

እዚ ገንዘብ ኣብ ክልተ ክፋል ተመቒሉ ይኽፈል - ቀዳማይ ክፋል ካብ'ዛ ዓዲ ክትወጽእ እንከለኻ

(ክሳብ 64.404 kr. ኣብ ዓቕመ-ኣዳም ንዝበጽሑ ዓበይቲ ሰባት፣ ክሳብ 19.643 kr. ንቆልዑት) ከምኡ ድማ ካልኣይ ክፋል (ክሳብ 96.608 kr. ኣብ ዓቕመ-ኣዳም ንዝበጽሑ ዓበይቲ ሰባት፣ ክሳብ 29.464 kr. ንቆልዑት) ኣብ ዓዲ ድሕሪ ሓደ ዓመት ይኽፈል።

# ተወሳኺ ናይ ሓገዝ ዕድላት

- ናይ መገሻ ወጻኢታት,
- መጎዓዝያ ንግላዊ ኣቕሑ ወይ ድማ ንግላዊ እቕሑ መግዝኢ ዝኸውን ወጻኢታት ሓገዝ
- ናይ ንግዲ መሳርሒታት ከምኡ'ውን መጎዓዝያ ንናይ ንግዲ መሳርሒታት
- ናይ ጥዕና ውሕስነት / ን 4 ዓመታት ዝኸውን ናይ መሐከሚ ወጻኢታት
- ን 1 ዓመት ዝኸውን መድሃኒት,
- ኣድለይቲ ዝኾኑ ናይ ሓገዝ መሳርሒታት,
- ዕድሚኦም ካብ 5-16 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑት ን 4 ዓመታት መምሃሪ ወጻኢታት
- ናይ መጎዓዓዚ ሰነዳት ንምርካብ ሓገዛት

# እንድሕር 55 ዓመት መሊእካ

እንድሕር ብውሕዱ 55 ዓመት ጌርካ ኰንካ'ም ናብ ዓድኻ ተመሊስካ፡ ካብ ዴንማርክ ሓገዝ ዝኸውን ቀዋሚ ዝኾነ ክፍሊት ኣኣብ ወርሒ ክትረክብ`ውን ትኽእል።

ኣብ መንጎ 50 ን 54 ዓመት እንድሕር ኮንካ፡ ኣብ ትሕቲ ውሱናት ኩነታት እቲ ገንዘብ ክኸፈለካ ይኽእል እዩ።

እዚ ሓገዝ ከም ልሙድ ወርሓዊ ኣብ መንጎ 2.800 kr. ን 3.600 kr. እዩ። ነዚ ሓገዝ ንኽወሃበካ፡ ኣብ ዴንማርክ ብውሕዱ ን 5 ዓመታት ዝነበርካ ክትከውን ኣለካ።

ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት፡ ዴንማርክን ሃገርካን ዝግበር ውዕል ምስ ዝህሉ፡ ገለ ክፍሊት ጡረታኻ ሒዝካ ክትከይድ ይከኣል ይኸውን።

## ናይ ምጥዓስ መሰል

**ስደተኛታት** ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ዝወሰድዎ ውሳኔ ተጣዒሶም ናብ ዴንማርክ ንኽምለሱ፡ ከም ልሙድ ናይ ሓደ ዓመት መሰል ኣለዎም። እዚ ማለት ድማ፡ እዚኦም ሰባት እንደገና ኣብ ዴንማርክ ናይ መንበሪ ፈቓድ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እንድሕር ናብ ሃገሮም ምምላስ ተጣዒሶም፡ ንኽምለሱ ንዝተገበረሎም ብምሉኡ ናይ ምምላስ ሓገዝ ክመልስዎ ኣለዎም።

**ወጻእተኛታት** ናብ ሃገሮም ምስ ተመለሱን ሓገዝ ምስ ተወሃቦምን ናብ ዴንማርክ ተመሊሶም ንኽመጹ መሰል የብሎምን። ነዚኦም ሰባት ውሳኔኦም ናይ መጨረስታ ኮይኑ ኣብ ዴንማርክ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ንዝነበሮም መሰላት መሊሶም ኣይክረኽብዎን እዮም።

**ድርብ ዜግነት ንዘለዎም** ቅድሚ ምውጻኦም ንክፋል ናይ ዴኒሽ ዜግነቶም ክገድፉ ኣለዎም። ንናይ ዴኒሽ ዜግነቶም ንኽሓድጉ ንዝወሰድዎ ውሳኔ ንኽልተ ዓመት ናይ ምጥዓስ ዕድል ኣለዎም። እንድሕር ናብ ሃገሮም ምምላስ ተጣዒሶም፡ ንዝተወሃቦም ናይ ምምላስ ሓገዝ ብምሉኡ ክመልስዎ ኣለዎም።

## ብዝያዳ ክትፈልጥ ምስ እትደሊ

ናብ ሃገርካ ክትምለስ ትሓስብ እንድሕር ኮንካ፡ ኣብ መርበብና ክትረኽቦ ንእትኽእል ናይ ሓበሬታ ቅጥዒ ክትሰደልና ትኽእል ኢኻ። መታን ናትካ ውሳኔ ንኽትወስድ፡ ኣብ ብውልቃዊ ዝርርብ፡ ንዕድላትካን መሰላትካን ንሕብረካ። እንድሕር ትደሊ ኣብ ዝርርብና ኣስተርጓሚ ነምጽእ። ናህና ስራሕ ድማ መታን ናትካ ውሳኔ ንኽትወስድ፡ ንዘድልዩኻ ሓበሬታታት ምሃብ ኢዩ።